ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር الجبهة الديمقراطية الارترية

Eritrean Democratic Front

# ፖለቲካዊ ቻርተር

ኣብ መስራቲ ጉባኤ ዝጸደቐ

26 ነሓሰ 2011

# ፖሎቲካዊ ቻርተር
# ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር (ኤደግ)

**መእተዊ፡-** ኤርትራ ኣብ ስትራተጂካዊ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ትርከብ ሃገር'ያ። 124.320 ትርብዒት ኪ.ሜትር ስፍሓት ዘለዋ ካብ ራስ-ዱሜራ ክሳብ ራስ-ቁሳር ዝዝርጋሕ ልዕሊ 1000 ኪ.ሜ ገምገም ባሕርን ብርክት ዝበሉ ደሴታትን ክልተ ወደባትን ድማ ትውንን። ኤርትራ ዝተፈላለየ ብሄራዊ መንነት ዘለዎም፣ ሃይማኖታውን ባህላውን እምነታት ዘምልኹ፣ ቁጠባዊ መነባብሮኦም ብቐንዱ ኣብ ሕርሻ፣ መጓሰን ሃብቲ ባሕርን ዝተመስረተ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡሳት ኢንዱስትሪ፣ ንግዲን ኣገልግሎትን ተዋፊሮም ዝነብሩ፡ ኣስታት 4.5 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ነጻን ልዑላዊትን ሃገር'ያ።

ባዕዳዊ መግዛእቲ ተባሪሩ፡ ኤርትራ ነጻ ሃገር ካብ ትኸውን እንሆ ልዕሊ 20 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ውጽኢት ዕስራ ዓመት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልስን ናይ ሰላሳ ዓመት መሪር ብረታዊ ተጋድሎን'ዩ። ኣብ'ዚ ሓምሳ ዓመት ዝወሰደ ሰላማውን ዕጥቃውን ተጋድሎ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኩነታቱ ብዘፍቀደሉ መሪር ቃልሲ ብምክያድ፡ ዝተጎናጸፎ ዓወት እዩ። ሃገራዊ ነጻነት በኽ እቶም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰማእታት፡ ልዕሊኡ ዝኾኑ ጀጋኑ ኣካለ-ስንኩላንን ማእለያ ዘይብሉ ዕንወት ጥሪትን ሃብትን ዝተከፍሎ ታሪኻዊ ዓወት ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ብርግጽ ከኣ ንርሑቕ ኣማዕዲና ክንጥምት እንክለና፡ ነዚ ዓወት'ዚ ምዕቃብን ምድልዳልን ወትሩ ረዚን ታሪኻዊ ሓላፍነትና እዩ።

ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና ብዘይ-ዝኾነ ፍልልይ ከም ሓደ ስሙር ህዝቢ ኣብ ሓደ መስርዕ ተሰሊፎም፡ ኣንጻር ተበራረይቲ ባዕዳዊ መግዛእትታትን ንምትዝዛዮም ዝፈሓስ ዝነበረ ሰራም ውዲታትን ብምፍሻል፡ ኣዝዩ መሪር ቃልሲ ከካይዱን ክቡር መስዋእቲ ክኸፍሉን እንክሎዉ፡ ከም ህዝቢ ኣብ ቅድሚኦም ዘቐምጥዎም ረዘንቲ ዕላማታት ነይርዎም'ዮም። ንሱ ከኣ ኣብ'ታ ብኽቢድ ቃልሶምን ክቡር ደምን ደቆምን ዝተረኽበት ሃገሮም ዘላቒ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ረብሓታት፡ ከምኡ'ውን ሰናይ ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታት ይኹን ኩሉ-መዳያዊ ምዕባለታት ብምምዕዳው'ዩ።

ድሕሪ ምድምሳስ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ነጻ ሃገሮም ክብሪ ልኣላውነቶም ተሓልይሎም ክነብሩ፡ ወሳኒ ተራ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ኣረጋጊጾም መሰሎምን ማዕርነቶምን ክኽበረሎም፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ምዕሩይን ፍትሓውን ተሳትፎ ክህልዎም ብርቱዕ ባህግታት'ዩ ነይርዎም። ኩሉ ኣድማሳዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቶም ተኸቢሩ፡ ብዘይ ዝኾነ ሽለብ ገለብ ኣብ ሃገሮም ነጻ ኮይኖም ብሰላም ክነብሩ፡ ካብ ዓሚቕ ቁጠባውን ማሕበራውን ዓዘቕቲ ወጺኦም፡ ደረጃ ብደረጃ ንድሕረት፣ ድኽነትን ድንቁርናን ብምቕራፍ፡ ብመንገዲ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባሌ ንቕድሚት ዝምርሽሉ ኩነታት ንምፍጣር'ዩ ነይሩ።

ህዝብታትና ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ረዚን ዋጋ ዝኸፈሉ፡ ኣብ ክሊ ፍሉይነታቶም፡ ኣብ ብልጽግቲ ሃገሮም ብሕድሕድ ምትሕልላይ፡ ብሄራት፡ ብመንነቶም፣ ቋንቋኦምን ባህሎምን ኮሪዖም ክነብሩ፣ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ምዕሩይ ተሳትፎ ክህልዎምን ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቶም ከማዕብሉን ልዑል ትጽቢት ነበሮም። ህዝብታትና ኩሉ መሰልን ማዕርነትን ሃይማኖታዊ ይኹን ባህላዊ እምነታቶም ብግቡእ ክኽበረሎም ትጽቢቶም ነይሩ።

ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ምስ ኩሎም ኣህዛብ ጎረባብቲ ሃገራትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን፡ ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመስረተ ሓባራዊ ረብሓ ተውሕስ ምዕብልቲ ኤርትራ ንምህናጽ ድሌት ህዝቢታት ኤርትራ ደረት ኣይነበሮን። ብሰናይ ዝምድናታት ትልለን ኣብ ኣህጉራዊ ቁጠባዊ ወፍርን ምዕባሌን ብኣወንታ ትዋሳእ ሃገር ክሃንጽ'ውን ሓያል ባህጊ ኔይርዎም። ነዞም ህዝባዊ ዕላማታት'ዚኦም ንምርግጋጽ ድማ፡ ኩሎም ህዝብታትና ብዘይዝኾነ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ከባቢያዊ፣ ጾታን ዕድመን ፍልልይ፡ ብጅግንነት ተጋዲሎም ከም ህዝቢ ሃገራዊ ነጻነቶም ዝተጎናጸፉ'ዮም።

ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ጽባሕ ሃገራዊ ነጻነት፡ ባህግታትን ተስፋታትን ህዝቢ ኤርትራ በቲ ሓደ ወገን፡ ዕላማታትን ተግባራትን መሪሕነት ህግደፍ ድማ ብካልእ ወገን፡ ፍጹም ዘይራኸቡ ክልተ ተጻረርቲ ድሌታት ኮኑ። ካብ ማህጸን ህዝቢ ኤርትራ ተወሊዱ፡ ኣብ ሕቑፍኡ ማሚቑ ዝዓበየ ትምክሕታዊ ጉጅለ ኢሳይያስ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ ዕለት ኣትሒዙ፡ ንኩሉ ቃልስን መስዋእትነትን ህዝብና ክሒዱ፡ ብሓደ ወገን ዘይትግበሩ መብጽዓታት እናሃበ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ኣዝዩ ጨካንን ኣስካሕካሕን ግፍዕታት እናፈጸመ፡ ኣብ ኤርትራ ጸረ ህዝቢ ዝኾኑ ኣዕኑድ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ክተክል ብናህሪ ተጓየየ።

ገባቲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ዓሚቕ ፍቕሪ ነጻነትን ሰናይ ባህግታትን ህዝብና ብምምዝማዝ "ኤርትራ ሓዳስ ውልዶ ሃገር ብምኳና፡ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ ግዜ ይሓትት'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መታለሊ ሽፋን፡ ኩሉ መሓውራት ስለላውን ወተሃደራውን ዓቕምታቱ እናኣደልደለ ህዝቢ ንምርዓድን ደሞክራሲያዊ ሕቶታት ንምጭፍላቕን ብምዕላም፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ወድባትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዘነጻጸረ ናብ ሰፊሕ ቕንጸላዊ ተግባራት ተዋፈረ። "ኣብ ኤርትራ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት'ምበር ብሄራት የለዋን" ኢሉ ብእዉጅ ብምኽሓድ፡ ንከባቢኦም ባዕሎም ዘመሓድሩሉ፣ ብቋንቋኦም ዝዳነዩሉን ባህሎምን ታሪኾም ዘማዕብልሉ ዕድላት ዓጸወ። ብዝኸፍአ ድማ፡ ነቲ መሰረት ሂወቶም ዝኾነ ቁጠባዊ ዓውዲ (መሬት) ንዕሱባቱ ብምዕዳል ንህልውና ውጹዓት ብሄራት ኣብ ከቢድ ሓደጋ ክንጥልጠል ገይሩዎ ይርከብ። ዜጋታት ዝመሰሎም ሃይማኖት ከይኣምኑን ብነጻነት ንፈጣሪኦም ከየመስኑን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃይማኖታት ኢዱ እናእተወ፡ ከበድቲ ግፍዕታትን ግህሰታትን እናፈጸመ ጸኒሑን ኣሎን።

ኣብ ትሕቲ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ትመሓደር ዘላ ኤርትራ ንሽሙ ብሃገራዊ ኮምሽን ተነዲፉ ጸዲቑ ተባሂሉ ብዙሕ ዝዝረበሉ ቅዋም፡ ኣብ ከብሒ ተዓሺጉ፡ ሃገርና ብዊንታን ድልየትን ሓደ ውልቀ-ሰብን ጉጅልኡን ትግዛእ ኣላ። ብስንኪ'ዚ ከኣ ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዜጋታት ተጨፍሊቑ ይርከብ። ህዝብታትና መሰል ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ሓሳቦም ብሰላማዊ ኣገባብ ምግላጽ፡ ካብ ናብ ብነጻ ዝንቀሳቀስሉ ሓርነታቶም ተቐይዱ ብሒም ዝበለ ይተሓጎም ብዝብል መርሆ ይግዝኡ ኣለዉ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ብዙሓት ዜጋታት ማለት ኣባላት ውድባት፣ ላዕለዎት መራሕቲ መንግስቲ ዝነበሩ፣ ጋዜጠኛታት፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲ…ወዘተ ብዘይብቁዕ ምኽንያት ብጅምላ ዝተኣሰሩሉ ኩነታት ነጊሱ ምህላዉ ጸሓይ ዝወቕዖ ሓቂ'ዩ። ጉዳዮም ኣብ ነጻ ቤት-ፍርዲ ዝቐርበሉ ዕድላት ፍጹም ተዓጽዩ፡ ብቤተ-ሰቦም ከይተሓተቱ ዕድሚኦም ዝበልየሉን ብዘይ-መርድእ ዝስወሩሉን ኩነታት'ዩ ዘሎ። መንእሰያት ኤርትራ ብጉልባብ ሃገራዊ ኣገልግሎት መጻኢ ዕድል ትምህርቶም ጸልሚቱ ንመወዳእታ ዘይብሉ ወተሃደራዊ ዕስክርናን ባርነትን ካብ ዝፍረዱ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ኣብ ሃገሮም ሰሪሖም ቤተሰቦምን ንባዕሎምን ዝጠቕሙሉ ዕድል ተሎኺቱ፡ ናብ ስደት ክውሕዙ ተገዲዶምን፡ ኣደዳ ማእሰርቲ ዓመጽን ሞትን ይኾኑ ኣሎዉ። ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ወይ ወተሃደራዊ መኮንናት ሓታትን ተሓታትን ዘይብሉ ንዜጋታት ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ከም ሕድሪ ኣቕሓ ዝድርብዩሉን ዝርሽንሉን ውድዕነት እናሰፍሐ መጺኡ'ዩ።

ቶታሊታርያዊ (ገባቲ) ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኀብለል ንምኳን ብዝነበሮ ኣጉል ሕልምታትን ስሱዕ ባህግታትን ውሽጣዊ ተቓውሞ ህዝብና ንምብርዓን፡ በብእብረ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ካብኡ ሓሊፉ'ውን ምስ ኤርትራ ዘይዛመድ ስግረ ዶብ ኲናት ብምክያድ ደም ኤርትራውያን ንከንቱ ክፈስስ እናገበረ ጸኒሑን ኣሎን። ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ጎረባብቲ ሃገራት ግሁድ ኢድ ምትእትታው ብምግባር፡ ኤርትራ ካብ ጎረባብታ ክትንጸል ጌይሩዋ'ዩ። ካብ'ዚ ዝኸፍአ ከኣ ኤርትራ መሰልጠኒትን መዋፈሪትን፡ ናይ'ቶም ብግብረ-ሽበራ ዝጥርጠሩ ሓይልታት ክትከውን ብምግባሩ፡ ንህዝብና ሰላምን እፎይታን ምኽልኡ ጥራይ ከይኣክል፡ ጸጥታን ምርግጋእን ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምዝራግ ኣበርቲዑ ዝሰርሕ ዘሎ ስርዓት'ዩ። ህዝብና ብሰላም ከይነብር ምስ ጎረባብቱ ዝነበሮ ድልዱል ታሪኻዊ ዝምድናታት ምብልሻዉ ጥራይ ከይኣኸለ፡ ምስ ዝማዕበሉ መንግስታት ዓለም ናብ ከቢድ ህልኽን ፕሮፖጋንዳዊ ዘመተን ብምእታዉ ኤርትራ ካብ ማ/ሰብ ዓለም ክትንጸል ገይርዋ ኣሎ።

ቁጠባዊ ፖሊሲ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ'ቲ ብሓቲ ፖሎቲካዊ መርሆታቱ ክፈላለ ስለ ዘይክእል፡ ኣብ ነጻ ውድድር ዘይኣምን ገባቲ ፖሊሲ'ዩ። ኣዝዩ መጻይን ኣብ ስርቅን ኮንትሮባንድን ዝተሞርኮሰ ፖሊሲ ምዃኑ ከኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓቅነቱ እናተረጋገጸ መጺኡ። ስለዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ኩሉ ዓቕምታትን ዕዳጋታትን ሃገርና ገቢቱ፡ ንጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታቱን ኣጀንድኡን ብምውዓሉ፡ ህዝብታትና ናብ ዓዘቕቲ ከቢድ ድኽነት ክወድቁ ኮይኖም'ዮም። ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ'ቲ ዝተኸተሎ ተደጋጋሚ ኣዕናዊ ኩናትን ጉትይ መጻዪ ቁጠባዊ ፖሊሲኡን ሃገራውያንን ወጻእተኛታትን ር/ማላውያን ተኣማሚኖም ሃብቶም ዘፍስስሉ ኩነታት ኣይተፈጥረን። ሰራሕተኛ ነጻ ኮይኑ ሰሪሑ ናብርኡ ዘመሓይሽሉ ዕድል የብሉን። መሬት ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ካብ ቀንዲ ዋናታቱ ብምምንዛዕ ንዕሉላት መጋበርያታቱ ዝዕድለሉ ኩነታት ብምህላዉ ሓረስታይ ሓሪሱ ምህርቱ ዘደንፍዓሉ ዕድል ጸቢብ እዩ። ነጋዳይ ነጊዱ ክይሓልፈሉ ብሰፍ ዘይብል ግብርን ቀረጽን ዝጠፈሸሉ ውድዕነት'ዩ ዘሎ። ብፍላይ ከኣ እቲ ኣፍራይ ሓይሊ መንእሰይ ኣብ ክንዲ ንኣድማዒ ቁጠባዊ ልምዓት ሃገሩ ምውፋር፡ ናብ ግዱድ መዝማዚ ጊላዊ ዕዮታት ብሰንኪ ምጽማዱን ብውጽኢቱ ንቀጻሊ ስደት ብምውሓዙን ኤርትራ ናብ ዝኸፍኣን ዓሚቕን ቅልውላው ትወድቕ ኣላ።

መላእ ስድራ ቤታት ኤርትራ ብሰንኪ ግዱድ ወተሃደራዊ ዕስክርናን ቀጻሊ ዋሕዚ ስደትን ደቆም ብምስኣኖም፡ ማሕበራዊ ዝምድናታቶም ላሕሊሑን ተበጣጢሱን፡ ዕድመ ዝደፍኡ ኣቦታትን ኣዴታትን ጠዋሪ ወይ ቀባሪ ዝሰኣንሉ ሃዋሁው ነጊሱ ኣሎ። ስርዓት ትምህርቲ መንግስቲ ህግደፍ ምስ ወተሃደራዊ መደበር ብምትእስሳሩ፡ መንእሰያት ኣብ መበል ዕስራን ሓደን ክፍለ ዘመን ምስ ዘመናዊ ሳይንስን ተክኖሎጅን ኣብ ክንዲ ምልላይ፡ ብዝኸፍአ ኣእምሮኦም ብወተሃደራዊ ኣተሓሳስባን ምልክነትን ንምቅራጽ ዝተወጠነ ቶታሊታርያዊ መደብ፡ ውጽኢቱ መጻኢ ዕድሎም ክጽልምት ጌይሩ'ዩ። ደቂ-ኣንስትዮ ከምፍርቂ ኣካል ሕ/ሰብና ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ዘበርከተኦ ጅግንነታዊ ቅያ ብምኽሓድ፡ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ተሳትፎአን ብምንፋግ፡ መርወዪ ግዝያዊ ስምዒትን ከደምትን ዝተፈላለዩ መራሕቲ ህግደፍ ክኾና ብምግዳድ፡ ንተላገበቲ ሕማማትን ካልኦት ማሕበራዊ ጸገማትን ተቓልዔን ይርከባ። ብድምር እዚ ቶታሊታርያዊ ተግባር'ዚ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ቁጠዐ ፈጢሩ'ዩ።

ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ መረርቲ ሓቅታት ብምብጋስ፡ ህዝቢ ኤርትራ በቶም ሓብሒቡ ናብ'ዚ ስልጣን'ዚ ዘብቅዖም ደቁ፡ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብዝኸፍአ ብማእለያ ዘይብሉ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ወጽዓታት ተኸቢቡ ምህላዉ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኽቢድ ሓደጋ ምብትታን ተቓሊዑ ምህላው ምግንዛብ ይከኣል። እታ ብክንደይ መሪር ቃልስን ረዚን መስዋእትነትን ዝተረኽበት ኤርትራ፡ ብሰንኪ ኣዕናውን ዘይሓላፍነታውን ተግባራት ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ንኽቢድ ሓደጋ ብርሰትን ዕንወትን ወዲቓ ምህላዋ ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ዕድል ሃገርና ኤርትራ፡ ሓድነታ ዝሓለወት ደሞክራስያዊ ሃገር ኮይና ትቐጽልዶ ወይስ ዝፈሸለት ሃገር ትኸውን? ዝብል ሕቶ ህጹጽ እዋናዊ ምላሽ ዘድልዮ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ።

ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር (ኤደግ)፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ብብቕዓት ንምምላስ፡ ኩሉ ዓቕምታትና ብቐዳምነት ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ይኸተት ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ኩሉ ሰብኣውን ነገራውን ዓቕምታቱ ኣብ ሓደ መስርዕ ብምጽማድ፡ ንቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ነዞም ዝስዕቡ መሰረታዊ መትከላትን ዕላማታትን ተሓንጊጡ ንምዕዋቶም ይቃለስ።

<u>መሰረታዊ መትከላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፡-</u>

1. ኣብ ፍሉይነታት፡ ማለት ብሄራዊ፣ ሃይማኖታውን ባህላውን ክውንነት ህዝብታት ኤርትራ ምእማን።
2. ኣብ ሓድነት ኤርትራ ምእማን።
3. ኣብ ትሕቲ ደሞክራስያዊት ኤርትራ መሰልን ማዕርነትን ብሄራት ምእማን።
4. መሰልን ማዕርነትን ዝተፈላለዩ ሃይማኖታትን ባህላዊ እምነታትን ምእማን።
5. ህላወን ነጻ ምንቅስቓስን ኣብዝሓ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ምእማን።
6. መሰል ምዝራብ ሓሳብካ ብነጻ ምግላጽን ምውዳብን ነጻነት ፕሬስን ምእማን።

7. ኣብ ውሳኔ ህዝቢ ዝተመስረተ፡ ሰላማዊ ምቅብባል ፖሎቲካዊ ስልጣን ምእማን።
8. ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ማእከላይ መንግስቲ ምኳኖም ምእማን።
9. ጠቕላላ ብኣህጉራዊ ውዕላት ዝተዋሕሱ ኣድማሳውያን መሰላትን ሓርነታትን ዜጋታት ምእማን።
10. ምስ ሃገራት ዓለም ብሓፈሻ፡ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታትን ሃገራትን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ሰላምን ሕድሕድ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ረብሓታትን ዝተመርኮሰ፡ ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዕላትን ዝምእዘዝ ዝምድናታት ክህሉ ምእማን።

**<u>መሰረታዊ ዕላማታት፦</u>**

**<u>ቀዳማይ ሽቶ፦</u>**

- ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ከቢድ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን፡ ንቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ምውጋድ።

**<u>ካልኣይ ሽቶ፦</u>**

- ድሕሪ ውድቀት ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ግዝያዊ መንግስቲ ብምቛም፡ ብሃገራዊ ኮንፈረስ ኣቢሉ ንኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዘሳትፍ መሰጋገሪ መንግስቲ ብምምስራት፡ ብሰላማውን ደሞክራስያውን መሰጋገሪ መድረኽ ብውሳኔ ህዝብታት ቅዋማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል።

**<u>ኣገባብ ቃልሲ፦</u>**

- ንቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብኹሉ መዳያዊ ቃልሲ ንምውጋድ ምቅላስ።

**ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር (ኤደግ)**